# ጠንቂ ማዕቀብን ሳዕቤናቱን

**ብተስፋይ ተኽለ (ጀርመን)**

30.01.2010

ህዝቢ ኤርትራ ንነዊሕ ዓመታት መሪር ቃልሲ አሕሊፉ ደም ምሩጻት ደቁ ከፊሉ ኢዩ ነጻነቱ ዘውሐሰ፤ ህዝብና ቐሲኑ አብ ትሕቲ ግዝአት ሃገራዊ ቅዋም ብሕግን ፍትሕን ተመሓዲሩ ብሰላም ክነብር፤ ሃገርና ድማ ምስ ጎረባብታን ካልኦት አብ ርሑቅ ክፍሊ ዓለምና ዝርከባ ሃገራት መሰረታዊ ክልተአዊ ዝምድናታት መስሪታ ብቐሰታ ናብ መገዲ ምዕባለ ንኽትምርሽ ኢዩ።

እንተኾነ ግን ፍጹም መላኺ ኢሳያስ ነቲ መብጽዓን ሕድርን ስውአት ጀጋኑና ቀቢሩ ንኮረሽኡ መደልደሊ ክኾኖ በብግዚኡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ውግእ ወሊዑ ኩሉ ህዝቢ አብ ግንባር ዶባት ተመዲቡ ዘየድሊ መስዋእቲ ከም ዝኸፍል ይገብር አሎ። ብሰንኪ ዝተፈጸመ ወራራት ሃብታም መሬትና ንጎረቤት ሃገር የመን ተዓዲሉ ገሊኡ ድማ አብ ትሕቲ ወተሃደራት ኢትዮጵያ አትዩ ብዘይፍታሕ ጠጠው ኢሉ አሎ።

ሕጊ አልቦ ምሕደራ ፍጹም ውልቀ መላኺ ብዝገብሮ ውሽጣዊ ጭቆናን ዕንደራን ከይአኽሎ አብ ከባቢ ሃገርና ሰላም ንኸይሰፍን ዓለምና'ውን ከይቀስን ነቲ አብ ቀርኒ አፍሪቃን ማእከላይ ምብራቅን ካብኡ ሓሊፉ'ውን አብ ምሉእ ዓለም ሰላም ዝኸልእ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ አልሸባብ ምንቅስቓስን መሰልቱን ትሕግዝ ኢኻ፤ ንናይ ሶማልያ ዓለም ዝፈልጦን ዝድግፎን ግዝያዊ መንግስቲ ዝቃወሙ ሓይልታት እትገብሮ ሐገዝ ጠጠው አብሎ፤ መሬት ጅቡቲ ወሪርካ ሒዝካዮ አሎኻ ጸገም እንተአሎካ ብሕጊ ብሰለማዊ መገዲ ዝግብአካ አይጠፍአካንዩ ተባሂሉ ካብ ዝተታሕዘ ቦታ ክወጽእ ብኢ.ጋድ፤ ብአራብ ሊግ፤ ብአፍሪቃ ሕብረት፤ ብመንግስቲ አመሪካ፤ ሕብረት ኡውሮጳን ብዓቢኡ'ወን ብባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት በብግዚኡ ተነጊሩዎ፤ መጠንቀቕታ ተዋሂብዎ ብንዕቀት አሉታዊ መልሲ ብምሃብ ከሸካዕልል ድሕሪ ምጽናሕን ምእባይን ብባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት አብ ወርሒ ታሕሳስ 2009 አብ ልዕሊ ጉጅለ ህ.ገ.ደ.ፍ. ማዕቀብ ተወሲኑ አሎ። ህዝብና ብሰንኪ ሓደ ሰብ ከምዚ ክረክብ ከአ ብጣዕሚ ዘሕዝን ኢዩ።

እዚ ማዕቀብዚ ትርጉሙ ንምምሕዳር ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ካብ ዘይሕጋዊ ተግባራቱ ንምቁጣብ ከስምዕ ይኽእል ይኸውን፤ ኮይኑ ግን ብልሐት አሳያስ ፍጹም ጽልኢ አብ ሃገርናን ህዝብናን ሰለ ዘሕደረ ብናቱ ጭቕና ጥራይ ከይአኽሎ ናይ ወጻኢ ሓደጋታት ንኸተአታቱን አብ ከምዚ ውሳኔ ከብጽሕ ስለ ዝደለየ እከይ ተግባራቱ በብጊዜኡ ብምስዋር ከነበድብድ ጸኒሑ'ዩ። እነሆለ ድማ ዲክታቶር ድልየቱ ሰሚሩሉ ክሕጎስ ከሎ፤ ብጠቅላላ አብ ሃገርን ህዝብን ውድቀት ምጣነ ሃብትን ቅልውላው ማሕበራዊ ጉዳያትን ሞራላዊ ማህሰይትን አኸቲሉ ይርከብ።

ህዝቢ አብ ልዕሊኡ ዘንጻላሉ ዝነበረ መጠንቀቕታታት ብምኽንያት ሓደ ሰብ ዝፈጠሮ ጠንቂ ሳዕቤኑ አቐዲሙ ሐደገኛ ከምዝኸውን ይፈልጥ ሰለዝነበረ ነቲ ዘይሕጋዊ ተበግሶኡ፤ ቅድም አብ ውሽጥ ሃገር ቀጺሉ'ውን አብ ጎረባብቲ ሃገራት ሰላም ክፍጠረሉ ዝኽእል መገዲ ጭርሖታት አልዒሉ ነቲ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራቱ ጠጠው ከብልን አብ መአዲ ዘተ ክአቱን ተቓውሞኡ ገሊጹ አዩ። ኮይኑ ግን ካብ ብዙሐት ደለይቲ ጽቡቅ ውሑዳት ደለይቲ ክፉእ አንጻር ረብሐኦም ተላዒሎም አጆኻ አብ ጎንኻ አሎና ዝብሉ መደለሐቅቲ አይተሳእኑን።

ሕጂ ድማ ነዚ አልቦ ሃገራዊ ቅዋም ዝኾነ ምምሕዳር ንህዝቢ ደም አንቢዑ ብዘይ ሕግን ፍትሕን ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት ከም አብ ውሽጢ ሃገርና ግዝአተ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘሎ፤ ምዕብልናን ዕብየት ሃገራዊ ቁጠባን ዝርኤ ዘሎ፤ ሃገራዊ ክብሪ ከም ዘይተደፍረ ገይሮም፤ ነቲ አብmጎረባብቲ ሃገራት ሰላም ምእንቲ ከይፍጠር ዝገብሮ ዘሎ ምቱኹታኽ ሐቂ ገዲፎም መራሒ ኤርትራ አብ ዞባና ምእንቲ ሰላምን ርግአትን ክሰፍን ዝገብሮ ዘሎ ዘኹርዕ ጻዕርታት ንድግፍ ኢሎም የሞጉሱ አለዉ።

እንብአርከስ አቱም ነቲ ንህዝብና እንዳጨፍጨፈ ጨቑኑ ሒዙዎ ዘሎ፤ ንኹሉ ህዝቢ አገዲዱ አብ ግንባራት ንውግእ ዝጸምድ፤ መንእሰያት ዘይቅኑዕ ሃገራዊ አገልግሎት መሪርዎም ሃገር ራሕሪሖም ከም ዝኸዱ ዝገብር ስርዓት ንድግፍ አብ ጎንኻ አሎና እትብሉ ደቂ ሃገር ክሳዕ መአስ ኢና ክንዕሾን ክንታለልን ከነጣቅዕን እንነብር ኢልኩም ሕሰቡ/ሕሰባ።

እዚ ብባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት አብ ልዕሊ ጉጅለ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ተወሲዱ ዘሎ ማዕቀብ፤ ዲክታቶር ብጌጋታቱ ተአሪሙ ንሃገርና አብ ንቡር ደረጃ ምዕብልና አንፈት ዘትሕዝ፤ ንህዝብና ድማ ሰላም ዘስፍን ከምዘይኮነ ተረዲእና፤ ጠንቂ ግን ንስልጣኑ ዘናውሕ ንባጫታቱን ካብ ሐላፍነት ወጻኢ ዝኾነ አሸካዕላል ተግባራቱን መሰራሰሪ ግዜኡ ጥራይ ኢዩ ክኸውን። አብ ልዕሊ ሃገርና ግን ካብዚ ሕጂ ተኸሲቱ ዘሎ ዝኸፍኤ ሳዕቤን ከም ዝስዕብን ከምዝወርድን ተረዲእና፤ እቲ ሐደ ፍታሕ ከምጽእ ዘኽእል መገዲ ኩላትና ደቂ ሃገር ብሐደ ሐቢርና አብ ውሽጢ ሃገርና ሰላም ዝሰፍነሉ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ብሰላም እንዝትየሉ፤ ቅድም ግዝአት ዲክታተር ምስ ዘልግስ ጥራይ ከምዝኾነ ተረዲእና አብዚ ጊዜ እዚ ዝኾነ ነገር ንዲክታቶር ዝግበር ፖለቲካዊ ደገፈ፤ናይ ገንዘብ ሐገዝ ጠጠው አቢልና ምእንቲ ምድሐን ህዝብን ሃገርን ንሐዲሽ ለውጢ ንቃለስ።

አብ ናይ ዕለት 16 ጥሪ 2010 አብ ሰቱትጋርት ነቲ ብሽም ህዝባዊ መኸተ ዝተገብረ ናይ ውሑዳት አደላሐቅቲ መሳርሒ ዲክታቶረን ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍን ጻዊዒት ኩልኹም ተቐማጦ ስቱትጋርትን ከባቢኡን ንሐቅነት ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ተረዲእኩም አብ ጻዊዒት ናይ መኸተ አኼባ ብዘይምኻድኩም ንሐሶታቱን እከይ ተግባራቱን ሰለ ዘፍሸል ኩሞ ሐጎስ ናይ ኩልና ኢዩ። እቲ አብ ጀነቫ ንዕለት 22 የካቲት 2010 ተጸዊዑ ዘሎ ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ንስልጣኑ መናውሒ ህዝበይ ምሳይ አሎ ክብል ስለ ዝደለየ እምበር ንረብሐ ሃገርን ድሕነት ህዝብን ሰለዝሐለየ ሰለዘይኮነ ሕጂ'ውን ቅዱስ ተቃውሞኹም  ብጽንዓት ቀጽልዎ።

አቱም ካብ ርሑቕ ንአሽቱ ከተማታት ምምሕዳር ባደን ቩርተምብረግ ዝመጻእኩም ድማ ብዝወሰድክሞ ግጉይ ተግባራት ተናዚዝኩም ምስቲ ደላይ ሰላምን ፍትሕን አካልኩም ዝኾነ ጭቁን ህዝቢ ተሰለፉ።

ዲክታቶርን ጉጅለ ህ.ገ.ደ.ፍን ብሐድነት ህዝቢ ክሰዓሩ ኢዮም፤
ዘለአለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉአትና፤

ፖለቲካዊ ውድባት፤ ሰልፍታት፤ ሲቪካዊ ማሕበራትን ግዱሳት
ዜጋታትን ሰቱትጋርትን ከባቢኡን፤